## ሓበሬታን ምስጋናን ንደገፍቲ ዉጉኣት ሓርነትና

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣሕዋትን ብጾትን፡

መጀመርያ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ዓመት 2009፣ ዓመት ናይ ተስፋ፣ ራህዋን ቅሳነትን ንኹልና ክኾነልና ንምነ። ቀጺልና ነቶም ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ንምግባር ብሃገራዊን ሓርበኛውን ስምዒት ተደሪኾም ኣብ ሰዊት ዕድሚኦም ተሰሊፎም ዝተቓለሱ ጀጋኑ ብጾትና ክብርን ሞገስን ይብጽሓዮም። ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎና ብዓሰርተታት ኣሽሓት ሂወቶም ከፊሎም ብመስዋእቲ ክሓልፉ ከለዉ፣ ብዙሓት'ውን ብመቑሰልቲ ተሪፎም ብሂወት ይነብሩ ኣለዉ። እቶም ብቐሊል ዝተጎድኡ ወፊሮም ኣፍርዮም ነብሶም ክኢሎም ዝነብሩ ክኾኑ ከለዉ እቶም ብኸቢድ ዝሰንከሉ እሞ ገና ኣብ መደበር ዉጉኣት ሓርነት ከሰላ ዝርከቡ ግን ብማሕበር ኣካለ ጽጉማን (ማ.ኣ.ጽ) ይእለዩ ኣለዉ። ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ካብ ህዝቢ ብዝረኸቦ ወፈያታት እዩ ክኣልዮም ጸኒሑ። ኣካያዲ ቦርድ (ማ.ኣ.ጽ.) ካብ ፍርቂ ወርሒ ጥሪ 2009 ዓ.ም ንንዮው ባጀት ከምዘይብሉ ብምሕባር፣ ህጹጽ ፍታሕ ንምግባር ጸዋዒቱን ጥርዓኑን ንህዝቢ ብፍላይ ነቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ካብዘቕርብ እነሆ ካልኣይ ወርሑ ሒዙ።

ህልውናን ሹነታት መነባብሮን ውጉኣት ሓርነትና ብናይ ራድዮ ቃለ-መሓትትን ቀጻሊ ናይ መርበብ ሓበሬታን ሓፋሽ ህዝብና ከምዘለልዮን ዝፈልጦን ተጌሩ እዩ። እቲ ጸዋዒት ሰማዒ ረኺቡ ድሮ $8000,00 ዝኣክል ወፈያ ተኣኪቡ ኣብ ምቕጻል ኣሎ፡ ነዚ ጊዚኦምን ንዋቶምን ብምውፋይ ኣብ ምቅላሕን ምጉስጓስን ዝርከቡ ኣካያዲ መርበብ መስከረም ኣቶ ኣለም ጎይትኦም፤ ኣካያዲ ራድዮ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካናዳ ኣቶ ናዝረት የማነ፤ ነቲ መደብ ብምውህሃድን ቀጻሊ ሓበሬታን ጸብጻብን ብምልጣፍ ጊደኡ ዘበርክት ዘሎ ኣቶ ጸጋይ ነጋሽ፣ ከምኡ'ውን ሹሎም ነቲ መደብ ንምዕዋት ዝተሓባበሩ ዘለዉ ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ሓገዞም ዝውፍዩ ዘለዉን፤ ብስም ማሕበር ኣካለ ጽጉማንን ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላን ዝልዓለ ምስጋናና ነቕርበሎም።

እቲ መደብ ዓመታዊ ባጀቱ ክሳብ ዘእክል፣ በቲ ዝጀመሮ ክሳብ ናይ መጀመርያ ኣዋርሕ ናይ 2009 ዓ.ም ክቕጽል እዩ። እቲ ወፍሪ ወፈያ፣ ማሕበርና ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ብጾትን ኣካየድቲ ትካላትን ብምትሕብባር ንዝለዓለ ውጽኢት ክሰርሕ እዩ። ብዝተፈላለየ መስኖታት ዝእከብ ዘሎ ወፈያ ብምሉኡ ናብ ሳጹን ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኣታዊ ክኸውን ስለዝኾነ፣ ወፈያኹም ንኣብ ከባቢኹም ተመዚዞም ዘለዉ ተሓባበርቲ ክትህቡ ከምትኽእሉ ንሕብር።

ዝኸበርኩም ብጾት፡ ነዚ ኣብ መስርሕ ዘሎ ወፈራ፣ ኣካልን ተሳተፍትን ኰንና ከነተባብዕን ዓቕምና ዘፍቅዶ ከነወፍን ከምዘለና ንኹሉ ግዱስን በዓል ሕልንናን እናዘኻኸርና ኣገባብ ኣሰታትፋና በዚ ዝስዕብ ክኸውን ነተሓሳስብ፡

- ወፈያ ብቸክ ወይ ማኒ-ኦርደር ናብ ጸሃየ ኣርኣያ (ተሓዝ ገንዘብ ማሕበር) ምስዳድ:
  Please send your donotions to:
  Zehaye Araia
  344 N. Morris Dr
  Palatine, IL 60074

- ኣብ እንነብረሉ ኣከባቢ፣ ናይ ድራር ወይ ሻሂ ግብዣ ብምድላው፤ ግዱሳት ባእታታት ወይ ሽማግለታት ብምምዛዝ፤ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ወጻእተኛታት ብምዕዳም ምእካብ ወፈያ ንምርዳእ ዉጉኣት ሓርነት ብምክያድ ዕዙዝ ኣታዊ ከምዝርከብ ምግባር።

ውጉኣት ሓርነትና ንምርዳእ ክትሰድዎ ዝጸናሕኩም ርእይቶታት ተቐቢልና መዝጊብናዮ ኣለና፡ ባይቶ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኣብ ኣኼባታቱ ክመያየጠሎምን ኣብ ውሳኔታቱ ክጥቀመሎምን ምዃኑ ነረጋግጸልኩም። ክህልወኩም ዝኽእል ሓሳባት ወይ እማመታት ክትሰዱልና ነተባብዕ።

ምስ ሰናይ ትምኒት

ብጸትኩም፡ ኣባላት ባይቶ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን

ዞና ሰሜን ኣመሪካ።

ታሕሳስ 25, 2008 ዓ.ም.